አቡነ በኵረ ድንግል ዘደብረ ምዕዋን

በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ።



ቅዱስ ኣቦና አቡነ በኵረ ድንግል ኣብ ምድረ ኤርትራ ብሕገ ምንኵስናን ተባሕትዎን ጸኒዖም: ንዓቢይ ሰማያዊ ክብሪ ካብ ዝበቐዑን ኣብ መወዳእታ ፲፰/15 ተን መጀመርታ ፲፯/16 ተ ክፍለ ዘመን ንኣቡነ ብፁዐ አምላክ ዘደብረ ምዕዋን (ምድሪ እገላ - ጎደይቲ) ተኪኦም ብኣበ ምኔትነት ንገዳም አቡነ ብፁዐ አምላክ ብትግሃት ዘገልገሉን ዝመርሑን ቅዱስ ኣቦ እዮም። እዚኦም ቅዱስ ኣቦ: ገና ኣብ ማኅፀን ኣዴኦም ከለዉ ዝተጋርዩ: ካብ ንእስትነቶም ኣትሒዞም ብመንፈሳዊ ተጋድሎ ጽሙድ ዝነበሩ: ብዙኅ ዘድንቕ ተኣምራት ዘይተፈለዮምን ካብ ኣምላኽ'ውን ጽኑዕ ቃል ኪዳን ዝተቐበሉ ንጽሑን ኅሩይን ኣቦ እዮም። እምበኣር ፱/9 ሰነ ንዝኾነ ዕረፍቶምን ዝኽሪ ክብረ በዓሎምን ምኽንያት ብምግባር ካብ መጽሐት "ልሳነ ተዋሕዶ" (ትምህርቲ ሰንበት መድኀኔ ዓለም ደቀ መሓረ ቀኖ. ፷÷፷)ን ገድሊ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላኽን ንዝረኽቡናዮ ጽሑፍ ንበረኽት ክኾነና ነቕርቦ ኣሎና። በረኽትን ረድኤትን ቅዱስ አቡነ በኵረ ድንግል ምስ ኵላትና ይኹን።

ትውልድን ዕብየትን

አቡነ በኵረ ድንግል ካብ ኣቡኦም ማርቆስ ካብ ኣዲኦም እግዚእክብራ ብናይ እግዚኣብሔር ፍቓድ ተጠኒሶም: ገና ኣብ ማህጸን ኣዲኦም ከለዉ እግዚኣብሔር ስለዝኅረዮም ብዙኅ ተኣምራት ይገብሩ ነበሩ። ሥዕሊ ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ፍቁር ወዳ ከኣ ኣብ ኣፍ ልቦም ተሣዒላ ነበረት። ከም ናይ ኣቦታቶም "አሐዱ አብ ቅዱስ አሐዱ ወልድ ቅዱስ አሐዱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ" ኢሎም ስም ሥላሴ እናጸውዑ ኣብ ዓዶም ገበዛ ኣክሱም ተወልዱ። ደቂ ዓዶም ድማ በቲ ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ኣዝዮም ተደነቐ። ብድኅሪ'ዚ ስድርኦም ኣብ ኣርብዓ መዓልቶም ጥምቀት ክርስትና ንኽፍጽሙ ናብ ቤተ ክርስቲያን ወሰድዎም። ኣብቲ ቤት ጥምቀት ድማ ብዓቢይ ክብሪ ተቐበልዎም። እቶም ኣብቲ ጊዜ ዝነበሩ ጳጳስ ኣቡነ ሰላማ ከኣ እቲ ህጻን ዓቢይ መነኮስን: ናይ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ወዲ መዝሙርን ከም ዝኸውን ተገልጸሎም እሞ ጸሎተ ክርስትና: ዲቁና: ቅስና: ጵጵስና ኣብጽሑሎም። ቅዱስ ቅብዐ ሜሮን ክቐብእዎ ክጅምሩ ከለዉ ድማ ሥዕሊ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ፍቁር ወዳ ኣብ ኣፍ ልቦም ረኣዩ። ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤል ተገሊጹ ከኣ: ነቶም ጳጳስ "ኣይትፍራሕን ኣይትሰንብድን: ተቢዕካ እቲ ሥርዓተ ጥምቀት ፈጽመሉ። ስሙ ድማ በኵረ ድንግል ኢልካ ስመዮ: ትርጉሙ ስሙ ከኣ ናይቲ ኣብ ኣፍ ልቡ ዘሎ ሥዕሊ እዩ" በሎም። ከምቲ ዝተባህልዎ ከኣ ፈጸሙ። ኣብ መወዳእታ ድማ ቅዱስት ድንግል ምስ ፍቁር ወዳ ግርማ ለቢሳ ተገልጸትሎም። ብትእምርተ መስቀል ገይራ'ውን ባረኽቶም። እቲ ትእምርተ መስቀል ድማ ከምታ ሥዕሊ ኣዴና ኣብ ሰብነቶም ተሣዕለ። እቲ ምልክት መስቀል ክሳዕ ምጽኣት ክርስቶስ ከምኡ ኢሉ ከም ዝነብር'ውን ተነግሮም። ኣብ መዓልቲ ጥምቀቶም ስድራ ኣቡነ በኵረ ድንግል ዓቢይ በዓል ገበሩ። ነዚ ኵሉ ዝገበረ እግዚኣብሔር ከኣ

ኣመስግንዎ። በቲ ኵሉ ዝግበር ዝነበረ ተኣምር ዝተዓበዐ ሕዝቢ ከኣ ንኣቡነ በኵረ ድንግል ብዙኅ መረቑም: ንሶም ከኣ ከም ኣተዓብባይ እቲ ዘመን ከቡብን ናይ ስድርኦም ጥሪት እናንሰዩ ከኣ ብጽቡቕ ዓበዩ።

ትምህርትን ሲመትን

ዕድሜኦም ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ: ስድራኦም ንክመሃሩሎም ናብ ኣፈ መምህር ንቡረ እድ ዮፍታሄ ዝተባህሉ መምህር ወሰድዎም። ኣብኡ ድማ ቋንቋታት ግእዝ: ዓረብ: ዕብራይስጥ: ጽርእ: ሮማይስጥ ከምኡውን መጻሕፍቲ ብሉይን ሓዲስን ምስ ትርጉሙ: ማኅሌት ወቅኔ: ድጓ: ጾመ ድጓ: መዋሥዕት: ዝማሬ ናይ ቅዱስ ያሬድ ብዝግባእ ተማህሩ። ግብረ ዲቁና: ቅስና: ስብሐታት ቅዳሴ ዘመላእክት: ብሓፈሻ ኵሉ መንፈሳዊ መጻሕፍቲ ብዝግባእ ኣጽንዕዎ። ኣምላኽ ልዕሊ ኵሎም ዕጉሥ ከም ኢዮብ: ንጹሕ ከም መላእክት ገይሩ ሸሞም። ትምህርቲ ምስ ወድኡ: መምህሮም ናብቶም ሊቀ ጳጳስ ምስ ኣበጽሑዎም: እታ ኣብ ሰብነቶም ተሣዒላ ዝነበረት ሥዕሊ ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ፍቁር ወዳ ከምዚ ክትብል ነቶም ሊቀ ጳጳስ ተዛረበቶም። “እዚ ብስመይ ዝተሰምየ ዝፈትዎ ወደይ ስለ ዝኾነ ኣብ ኣፍ ልቡ ተሣዓልኩ: ስለዚ መዓርገ ዲቁና: ቅስና ኤጲስ ቆጵስና ሃቦ”። እቶም ሊቀ ጳጳስ ድማ ብዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ብምድናቕ: ካብ መንበሮም ብቕጽበት ብድድ በሉ። ቀጺሎም ድማ ጸሎተ ዲቁና: ቅስና: ኤጲስ ቆጵስና ብምብጻሕ ሠለስቲኡ መዓርጋት ቀብእዎም።

ብድጎሪ’ዚ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤል ንኣቡነ በኵረ ድንግል ሐዝዎም ናብ ቤት ኣቡኦም ብምኻድ “እንሆ ወድኹም መዓርገ ዲቁና: ቅስና: ኤጲስ ቆጵስና ተሸይሙ” ክብል ኣበሰሮም። ኣዲኦም ነዚ ብስራት ናይ መልኣኽ ምስ ሰምዓ ብሓጐስ ዓለላ። ነዚ ዕልልታ ዝሰምዑ ጎረባብቲ ኣብ ቤቶም ምስ ተኣከቡ: ንኣቡነ በኵረ ድንግል ብርሃን ለቢሶም ረኣይዎም: ኣዝዮም ድማ ተደነቁ። ቅዱስ ሚካኤልን መምህሮምን ግና ተሠዊሮም ብምንባሮም ክርእይዎም ኣይከኣሉን።

ምናኔ

ኣቡነ በኵረ ድንግል ዕድመኦም ንመርዓ ምስ ኣኸለ ኣቡኦም ንኽሕጽይዎም ከምቲ ሕግ ወሥርዓት ስልማት ሐዞም ናብ ሓደ እንዳ ክቡራት ገዛ ከዱ። ስድራ ጓል ድማ ብጽቡቕ ገጽ ተቐበልዎም። ብድጎሪ’ዚ ኣቡነ በኵረ ድንግል ከም ዝተሓጸዩ ምስ ፈለጡ “ኣነስ ድሌተይ ብድንግልና ምንባር እምበር መርዓ ኣይኮነን።” ብምባል ብለይቲ ካብ ገዝኦም ጠፊኦም ናብ ቤት እግዚኣብሔር ከዱ። ከምቲ ኣብ ወንጌል ዝተጻሕፈ ድማ “ወምንተ ይበቁዐ ለሰብእ ለእመ ኵሎ ረብሐ ወነፍሶ ሐጕለ/ንሰብ’ከ ኵሉ ዓለም ረቢሑስ ነፍሱ እንተኣጥፍአ እንታይ ይጠቕሞ” እናበሉ ክሰግዱ ጀመሩ (ማቴ ፲፮÷፳፮/16÷26)፤ ከምዚ ዚስዕብ እናበሉ ድማ ጸለዩ። “ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽይ ካብ እሳት ዘለዓለም ካብ ማእሰርቲ ሰይጣን ሰውረኒ። ኵሉ ክፉእ ሓሳባት ኣርሒቕካ ፍቓድካ ክፍጽም ሓግዘኒ። መውስቦ ክፍጽም ሕልናይ ኣይፈቕደን: ምኽንያቱ ሥዕሊ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ፍቁር ወዳ ኣብ ኣፍ ልበይ ተሣዒሉ ኣሎ። ከም መላእኽቲ ንጹሕ ክኸውን እልምነካ ኣለኹ። ንስኻ ንምስኪንን ንነዳይን ዘይትንዕቕ ምኟንካ እፈልጥ’የ።” ከምዚ ኢሎም እናጸለዩ ከለዉ ድማ ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ቅዱስ ሚካኤልን ቅዱስ ገብርኤልን ተገሊጻ ከምዚ በለቶም “ኦ ብፅዕ ወደይ በኵረ ድንግል: ጸሎትካ ተሰሚዑ እዩ’ሞ ናብ ደብረ ዳሞ ናብ ኣቦኻ ኣረጋዊ ኪድ። ቀጺልካ’ውን ናብታ ብስም ዓደይ ዝተሰምየት ደብረ ናዝሬት ናብ ብፁዐ አምላክ ኪድ። ኣቦ ብዙኃት ከኣ ክትከውን ኢኻ” ኢላ መረቓቶም ተሠወረት።

ብድሕሪ’ዚ ብ፱/9 መጋቢት ኣብ ቦትኦም ብጸሎት ተመሲጦም ከለዉ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤል ብደመና ጸይሩ ናብ ደብረ ዳሞ ምዕራፉ ቅዱሳን መነኮሳት ኣብጽሖም። ኣብዚ ገዳም ከምቲ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝነገረቶም ንነዊሕ ዓመታት ብትሕትና ብግብረ ማህረጽ ከገልግሉ ድጎሪ ምጽናሕ ተባሪኾም ጉዕዞኦም ናብ ደብረ ሃሌ ሉያ (ደብረ ናዝሬት) ናይ ኣቡነ ብፅዐ አምላክ ቀጸሉ። ኣብ ቅድሚኦም ንዘጓነፈኦም ቅዱሳት ገዳማት እናባረኹን እናተባረኹን ድጎሪ ነዊሕ ጉዕዞ ብሓጊዝ መልኣከ እግዚኣብሔር ኣብ ቅድሚ ብፁዕን ቅዱስን ኣቡነ ብፁዐ አምላክ ምስ በጽሑ: ንሶም ድማ ንኣምላኽ እናመስገኑ ብዓቢ ክብሪ ተቐበልዎም።



ኣብዚ ገዳም'ዚ ብግብሪ ማህረጽን ብምግብናን ብትሕትና ከግልግሉ ድጎሪ ምጽናሕ: ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ሎሚ ቅዱስ ቁርባን ብኢድካ ክንቅበል ቀድስ ምስ በልዎም: ቅዳሴ ኣተዉ። ቅዳሴ ንምጅማር "ኣሐዱ ኣብ ቅዱስ ..." ክብሉ ምስ ጀመሩ ካብ መሬት ፩/5 እመት ንላዕሊ ሓፍ በሉ። ነዚ ተኣምር ዝረኣዩ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ኣዝዮም ተደነቑን ንሥራሕ እግዚኣብሔር ኣመስገኑን። ኣቡነ በኵረ ድንግል ሕይወቶም ብኽምዚ ክቕጽል ድጎሪ ምጽናሕ ብ፱/9 ታኅሣሥ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ: ንኹሎም መነኮሳት እቲ ገዳም ኣኪቦም "ሎሚ መዓልቲ ንዓኹም ዝጻሪ ትሑት መምህር ሽይመልኩም ኣለኹ: ኣብ ትሕተይ ንዕኡ ስምዕዎን ተኣዘዝዎን" ክብሉ ነገርዎም። ኣቦና ብፁዕ ኣምላክ'ውን ጊዜ ዕረፍቶም ምስ ቀረበ ንማኅበር ገዳም ኣኪቦም ብድጎሪኦም ንዝመርሖምን ኣቦ ንዝኾኖምን ብኽምዚ ዚስዕብ ቃል ብምልባው ኣማኅፀንዎም። ወባሕቱ ተንሥኡ ኣክብርዎ ለወልድየ በኵረ ድንግል ወተአዘዝዎ ከመ ገብር ዘይትኤዘዝ ለእግዚኡ ወከመ ዓመት ዘትትኤዘዝ ለእግዝእታ ወእነሂ እንበርኩ እዴየ ላዕሌሁ ወይኩን ቡሩከ በበረከተ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ይኅድር ላዕሌሁ። ወያዕርፍ ላዕሌሁ በረከተ እንጦንዮስ ወመቃርስ ወይረድ ዲበ ርእሱ ቡራኬ ኣቡየ ኤዎስጣቴዎስ ወኣቡየ ፊልጶስ። ስምዑኬ ዘተኣዘዞ ለበኵረ ድንግል ተኣዘዞ ለመንፈስ ቅዱስ ወዘኒ ኣበዮ ለበኵረ ድንግል ኣበዮ መንፈስ ቅዱስ (ንወደይ በኵረ ድንግል ኣኽብርዎ፤ ኣገልጋሊ ንገሥይታኡ ከም ዝእዘዝ ተኣዘዝዎ፤ ኣገልጋሊት'ውን ንእመቤታ ከም ትእዘዝ ተኣዘዝዎ። ኣነውን ኢደይ ኣብ ልዕሊኡ ኣንቢረ ኣሎኹ ብሩኽ ይኹን። በረከት ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይሕደር። ኣሜን። በረኽት እንጦንዮስ መቃርስን ኣብ ልዕሊኡ ይውረድ። ቡራኬ ኣቦይ ኤዎስጣቴዎስን ኣቦይ ፊልጶስን'ውን ኣብ ርእሱ ይውረድ። ስምዑ ንበኵረ ድንግል ዝተኣዘዞ ንመንፈስ ቅዱስ ተኣዘዞ። ንበኵረ ድንግል ዝኣበዮ ግና ንመንፈስ ቅዱስ ኣበዮ።) ብድጎሪ'ዚ ኣቡነ በኵረ ድንግል ብጾም: ብጸሎት: ብስግደት ተጸሚዶም ብቅድስናን ትሕትናን ነቲ ገዳም ኣገልግለዎ። በዚ ድማ እቶም መነኮሳት ኣዝዮም ፈተዉዎም። ከምዚ ገይሮም ንገሥይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኣሥመርዎ: ከምቲ ኣብ መዝሙር "ኪዳነ ተካየድኩ ምስለ ኅሩያንየ/ምስ ኅሩያተይ ቃል ኪዳን ኣተኹ" ዝበለ መዝ ፹፰÷፰/89÷3 ንኣቡነ በኵረ ድንግል'ውን ከምዚ ክብል ቃል ኪዳን ኣተወሎም።

ቃል ኪዳን

እምበኣር ድጎሪ ነዊሕ ተጋድሎ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንኣቦና በኵረ ድንግል ከምዚ ዚስዕብ ቃል ኪዳን ኣተወሎም። "እተዝካርካ ዝገበረ ስምካ ዝጸውዐ ክምሕረልካ (ብበረኽት ክሕልዎ) እየ። ኣብ ዕለተ ዕረፍትኻ ንሕሙም ኮነ ንእሱር ዝበጽሐ ወይ ብስምካ ንጥሙይ ዘብልዐ ወይ ንጽሙእ ዘስተየ ንዕሩቕ ዘልበሰ ክምሕሮ እየ። ስም ወዱ ወይ ጓሉ ብስምካ ዘጸውዐ ክምሕሮ እየ። ኣብ ደብረ ናዝሬት ደብረ ናይ ኣቦኻ ብፁዕ ኣምላክ ዝተቕብረ ከምኡ'ውን ኣብዚ ቦታ ቅዱስ ቁርባን ዝቕረበ ሕሰም ኣይርእይን እዩ። ኣብ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ከእትዎ እየ። ብሔረ ሕያዋንን ብሔረ ብፁዓንን ከውርሶ እየ። ክምሕሮ እየ ዝብልን ካልእን ኪዳናት ሃቦም።

ዕረፍቲ

ድጎሪ ዕረፍቲ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ: ኣብ ሠለስተ ዓመቶም ብ፱/9 ሰነ: ኣቡነ በኵረ ድንግል ንእሽቶ ሕማም ርእሲ ጀመረቶም እሞ ንኣርድእቶም ጸዊዖም ንከም በዓል ኣቡነ ዮሐንስ ዘደብረ ቢዘን ዝኣመሰሉ ብዙኃት ኣቦታት ክጽውዑሎም ሓበርዎም። ኵሎም ቅዱሳን ኣቦታት ቡብደረጅኦም ተኣከቡ። ብድጎሪ'ዚ ቅድስት ሥላሴ ተገሊጾም ኵሉ ብስምካ ተኣሚኑ ዝጸለየ: ዝመጽወተ ንሕሰም ኣይክርእያን: ስፍርኡ ድማ ኣብ

ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ክኸውን እዩ ዝብል ዓቢ ቃል ኪዳን ሃብዎም። እቶም ኣቦታት ድማ ገኒዞም ኣብ ሓድሽ መቓብር ኣብ ደብረ ብሥራት ቅድስት (ምዕዋነ ሥላሴ: ደብረ ናዝሬት) ናይ ኣቡነ ብፁዐ አምላክ ቀበርዎም። ቤተ ክርስቲያን ናይ ኣቡነ በኵረ ድንግል ኣብ ገዳም ኣቡነ ብፁዐ አምላክ (ደቀ መሓረ ጎደይቲ) ይርከብ።

ድጎሪ ዕረፍቶም ኣቦና ባዕሎም እናተገልጹ ከምኡውን ብስሞምን ብጸበሎምን ከኣ ቡበእዋኑ ዝተገብረ ተኣምራት ተጸብጺቡ ዝውዳእ ኣይኮነን። ካብ ሓመድ መቓብሮም ዝለኽይዎም ብዙኃን ዝሞቱ ሰባት ከመ ቅጽበት ተንሢኦም እዮም። ኣጋንንቲ ካብ ዝሓደርዎም ሰባት ወጺኦም እዮም። ሰራቒ ቤተ ክርስቲያን ኣካላቱ ኣልሚሶም ከምዝተሓዝን ብሕማቕ ኣማውታ ከምዝመውትን ኮይኑ እዩ። ወቦ ዘተርፈ።

በረኽትን ረድኤት ቅዱስ ኣቦና ኣብ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ጽላሎምን ጠሊ በረኽቶምን ካብ ሃገርናን ማኅደርናን ኣይፈለይ።